Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

RÜCK KEHR

# ሓበሬታ ብዛዕባ ብድልየትካ ምምላስ

TIGRINYA

## እቲ ዘመልከትካዮ ዑቕባ እንተተነጸገ፣ እንታይ ይግበር?

እቲ **ዘመልከትካዮ ዑቕባ** ክንጸግ ከሎ ምስኡ ከኣ ሓደ **ደረት ጊዜ** ክወሃበካ እዩ፣ ክሳብ እቲ ሰፈሩ ዘሎ ዕለት ከኣ ካብ ሃገር ክትወጽእ ኣለካ። እቲ ደረት ጊዜ ከም ግቡኡ ካብ **ሓደ ሰሙን ክሳብ 30 መዓልታት እዩ ዝኸውን። ኣብ ውሽጢ እቲ ተባሂቡ ዘሎ ደረት ጊዜ ብድልየትካ ካብ ሃገር እንተዘይወጻእካ፣ ሓይሊ ብምጥቃም ንዓኻ ናብ መበቆል ሃገርካ ከም ትምለስ ይግበር ይኽእል እዩ** (ዳግም ናብ ሃገርካ ምምላስ)። ነቲ ናብ ሃገርካ መምለሲ ዝኽፈል ናይ ጉዕዞ ዋጋ ባዕልኻ ክትሽፍኖ ኣለካ ከምኡ ድማ ንብዙሕ ዓመታት ብሕጋዊ መገዲ ናብ ጀርመን ይኹን ናብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገራት ንምእታው ምንም ዕድል ኣይክህልወካን እዩ (እገዳ ምእታው)። ብዘይ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ጀርመን ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ብፖሊስ ክትተሓዝን ናብ መበቆል ሃገርካ ክትምለስን ከም እትኽእል ኣብ ግምት ከተእቱዎ ኣለካ። **እቲ ኣብ ሃገር ምንባር ዝውድእ ስጉምታት ከይተጀመረ ከሎ፣ ነዚ ብድልየትካ ምምላስ ዝተባሃለ ኣማራጺ ተጠቀም።**

## ብድልየትካ ናብ መበቆል ሃገርካ ምምላስ ብመንግስቲ ጀርመን ይድገፍ ኣዩ

ናይ ምምላስን ዳግመ ምጽንባርን መደባት ብዙሕ ዝተፈላለያ ሓገዛት ይዕድማ ኣየን፣ ንምሳለ ነቲ ካብ ሃገር መውጽኢ ባዕልኻ ንኽትከፍል ገንዘብ ዘይብልካ እንተኹንካ። ናብ ሓደ ሓደ ዝተወሰና ሃገራት ብፍቓዶም ንዝምለሱ፣ ካብኡ ሓሊፉ እውን፣ ኣብቲ መበቆል ሃገርካ ከምብሓድሽ እግሪ ንምትካል ምእንቲ ክቕለካ፣ ተወሳኺ ናይ ሓገዝ ቀረባት ኣሎ። እቲ ሓገዝ ገንዘብ፣ ነጻ ኲንካ ካብ ሃገር ንኽትወጽእን ነቲ ጉዕዞኻ ከኣ ጽቡቕ ጌርካ ክትቀራረበሉ ትኽእል።

## እንታይ ሓገዛት ክትረክብ ትኽእል?

ብድልየትካ ምስ እትወጽእ፣ **ናይ ምምላስ መደብ** ንዓኻ ናይ ምቅርራብን ቁጠባውን ሓገዛት ይቕርበልካ እዩ።

- ናይ ጉዕዞ ዋጋ ምሽፋን
- መጠኑ ክብ ዝበለ ቁጠባዊ ሓገዝ ምኽፋል
- ናይ ሕክምና ዋጋ ምሽፋን




**ዝተፈላለያ ናይ ዳግመ ምጽንባርን መደባት** ንዓኻ ኣብ መበቆል ሃገርካ እግሪ ክትተክል ከለኻ ይሕግዛካ እየን።

- ብሙያ ምስልጣን
- ስራሕ ኣብ ምድላይ ምሕጋዝ
- ሓደ ንኢሽተይ ትካል ኣብ ምምስራት ምድጋፍ
- መንበሪ ገዛ ንምርካብ ምሕጋዝ
- ኣብ ማሕበራዊን ሕክምናዊን ጉዳያት ምኽሪ ምልጋስን ምሕጋዝን

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብይ ክትረክብ ትኽእል?

ኣብ ናይ ብድልየትካ ምምላስ ኢንተርኔት ገጽ **www.ReturningfromGermany.de** ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ከምኡ እውን ናይ ምምላስን ዳግመ ምጽንባርን መደባት ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ከምኡ እውን በታ ማእከለይቲ መድለዪት ጌርካ ነቲ ንዓኻ ዝቐረበ ናይ ምምላስ ኣማኸርቲ ቤት ጽሕፈት ክትረክብ ትኽእል። ኣብ ልዕሊኡ እውን ናብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ኢሚግሬሽንን ናይ ተመለስቲ መስመር ስልኪ ክትውከስ ትኽእል፡ **+49 911 943 - 0**



## እቲ ናይ ምምላስ ኣማኸርቲ ቀጻሊ ክሕግዘካ እዩ

እስኻ ብድልየትካ ናብ መበቆል ሃገርካ ንምምላስ ዘገድሰካ እንተኾይኑ፣ ነቲ ኩሉ ዘለካ ሕቶታት ሒዝካ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ምምላስ ክትመጽእ ትኽእል።

- ናይ ምምላስ ምኽሪ ካብ ክፍሊት ነጻ፣ ምስጥራዊን ውልቃዊን እዩ።
- እዚኣቶም ንዓኻ ኣብ ናይ ምውጻእ ጉዕዞ ብምጥርናፍን ምቅቅራብን ይሕግዙኻ፣ ከምኡ ከኣ ናይ ሓገዝ መመልከቲ ከተቕርብ ከለኻ ከምኡ እውን ቀጸልቲ ሓገዛት ንምምልካት ይሕግዙኻ።
- ከምኡ እውን ሕጋዊ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ዘይብልካ እንተኾይኑ፣ ሓዲሽ ናይ ፓስፖርት መተካእታ ወረቐት ንከተውጽእ ይሕግዙኻ።
- ኣብቲ ናይ ኣማኸርቲ ዝርርብ ኩሉ ምእንቲ ክትርድኦ ተባሂሉ፣ ንዓኻ ሓደ ተርጓማይ ወይ ድማ ሓንቲ ተርጓሚት ክንጠልበልካ ሓሲብና ኣለና። እስኻ እውን ብወገንካ ንዓኻ ክትርጉመልካ ዝኽእል ሓደ ሰብ ናብ እቲ ናይ ምምላስ ኣማኸርቲ ቤት ጽሕፈት ተማሊእካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ።

## እቲ ብፍቓድካ ምምላስ ኣብ ዝኾነ እዋን ክፍጸም ይኽእል ድዩ?

እቲ ብድልየትካ ምምላስ ነቶም ኣገባብ ዑቕበኦም ገና ዘይተዓጸወ ደለይቲ ዑቕበ፣ ከምኡ እውን ነቶም ድሮ መንበሪ ፍቓድ ዝተወሃቦም እውን፣ ኣብ መበቆል ሃገሮም ሓዲሽ ዕድላትን ተስፋታትን እውን ይኸፍተሎም እዩ።

**እቲ ናይ ዑቕባ ኣገባብካ ኣብ ዝጻረየሉ እዋን እውን ናብቲ ናይ ኣማኸርቲ ምምላስ ቤት ጽሕፈት ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ እቲ ውጽኢት ናይቲ ኣገባብ መመልከቲኻ ምንም ጽልዋ የብሉን።**



### እቲ ብድልየትካ ምምላስ ኣገዲስካዶ? ናብ እቲ ንዓኻ ዝቐረበካ ናይ ምምላስ ኣማኸርቲ ሓደ ቆጸራ ግበር፡

ብድልየትኩም ክትምለሱ ከለኹም እቲ ሓገዝ ንኽውሃበኩም ምንም ሕጋዊ መሰል የብልኩምን። እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓደ ጊዜ ጥራሕ እዩ ዝከኣል። እንደገና ተመሊስካ ናብ ጀርመን ምስ እትኣቱ ወይ ድማ ካብ ጀርመን ዘይወጻእካ እንተኹንካ፣ እቲ ተዋሂቡ ዝነበረ ሓገዝ እውን ምለሶ ክትበሃል ትኽእል ኢኻ።